# ስርዓት ኣምልኮ ተዋህዶ ቤተክርስትያን

ሕዳር ፲ይ ሰንበት

ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (ዘመነ ጽጌ፤ ካብ መስከረም ፳፮ - ሕዳር ፭ ግእዝ)

**1ይ ዲያቆን:- ሮሜ** 11፣13 - 25 (Romans)
**2ይ ዲያቆን:- ራእይ** 12፣ 13-18 (Revelation)
**2ይ ካህን:- ግብ** 11፡1-12 (Acts)
**1ይ ካህን:- ማቴ** 21፡33-46 (Matthew)

**ቅዳሴ፡- ቅ. ማርያም**
**መዝሙር፡-** *ፀገየ ወይን ወፈረየ ሮማን ወፈረዩ ኩሉ ዕፀመ ገዳም (ወይኒ ዓንቢቡ ሮማን ዕንባባ በረኻንን ከኣ ፈርዩ)*

**ዐፀደ ወይን ኣፍለስከ እምግብጽ፤**
**ሰደድከ ኣህዛብ ወተከልከ ኪያሃ ፤**
**ወጼህከ ፍኖተ ቅድሜሃ።**

**ጉንዲ ወይኒ ካብ ግብጺ ኣውጻእካ፡ ኣህዛብ ሰጐግካውን ተኸልካያ።"** *መዝ* 80፡8

"Thou hast brought a vine out of Egypt: thou hast cast out the heathen, and planted it." Psalms 80:8

## ነታኸልቲ ወይኒ ዜበላሸዋ ኮራኩር ወኻሩ ኣጻዊድኩም ሓዙልና (ኣስግሩ ለነ ቆናጽለ ንዑሳነ እለያማስኑ ዐፀደ ወይንነ) መሃ 2፡15

ተኸሊ ወይኒ ኣብ ክረምቲ ዝቕምስል ኣብ ሓጋይ ዝዕንብብ፡ ፍሉይ ክንክንን ሓለዋን ዘድልዮ ኦም እዩ። ቀጥ ኢሉ ንኽቀውም ተወሳኺ ደገፍ ይግበረሉ፡ ወኻሩ ካልኦት ኣዕነውቲ እንስሳን ከይኣትውዎ ድማ ይቕጸር፡ ብቐጻሊ ዘማዕድዉ ሓለውቲ ድማ ይስርዓሉ (ኢሳ 1፡8፣ 5፡1-2፣ ማር 12፡1፣ ሕዝ 17፡6)። ዝበለጸ ፍረ ኪህብ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኪቕምቀምን (ዘሌ 25L13፣ ዮሃ 15፡2) ወኻሩ ቀዳሞት ጠንቂ ምብኻን ስለዝኾና ድማ፡ ኣብቶም ቀዳሞት ሓረስቶት ብወጽመድ ተታሒዘን ከምዝቕተላ ይግበር ኔሩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብተደጋጋሚ ከምዝተገልጸ፡ ተኸሊ ወይኒ ናይ ቤተ-እስራኤል ወይ ድማ ቤተክርስትያን ምሳሌ ኪኸውን ከሎ፤ እቲ ቐጽሪ ናይ እግዚኣብሔር ሓለዋን ረድኤትን፡ እቶም ሓረስቶት እቶም ኣብ አእዋኑ ንቤተ-እስራኤል ከገልግሉ ዚምደቡ መንፈሳውያንን ስጋውያንን መራሕቲ፡ እተን ወኻሩ ድማ ሰብ ካብ ኣምላኹ ንኽርሕቕ ምኽንያት ዝኾኑ ሓሰውቲ መማህራን እዮም። ኣብዚ ናይ ዕለቱ ወንጌል ዝተነበበልና፡ እቶም ክልተ ግዜ ዝተላእኩ እሞ ዝተቐትሉ ልኡኻት፡ ምሳሌ ናይቶም ዓበይትን ንኡሳንን ነብያት ተባሂሎም ዝፍለጡ ኪኾኑ ከሎዉ፡ እቲ ዋና ተኸሊ ወይኒ ኣብ መጨረሻ ዝለኣኾሞ እቶም እኩያት ሓረስቶት ድማ ካብቲ ግራት ኣውጺኦም ዝቐተልዎ ከኣ ምሳሌ ናይቲ ኣብ ምስቀል ቀራንዮ ዕርቓኑ ኣውጺኦም ንሞት ዝፈረድዎ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ።

ብተወሳኺ ኣብ ሉቃስ (20፡9-18) ኣንተኣምበብና ብዝያዳ ይበርህ። እቶም ብመገስ ምስ ዋና ተኸሊ ወይኒ ውዕል ዝኣተዉ ክሳብ ክንደይ ዓመጽቲ ምንባሮም፡ ንግብሪ ናይቶም ሓሰውቲ መማህራን ኃይማኖት ገላጺ እዩ። ምእመናን ንኣምላኽ እንተፈለጥዎን እንተተገዝእዎን ክብረቶም ዚጎድል ኮይኑ ዝስምዖም ነቲ ፍረ ባዕሎም ምእንቲ ኪበልዑን ነቲ እንኮ ውሉድ (ወራሲ) ቀቲሎም ባዕሎም ምእንቲ ኪወርሱን ኣብ ርእሲ ኣምላኽን ምእመናን ዝዕምጹ መራሕቲ ሃይማኖት ይመስሉ። ከምኡውን ኣብ ትንቢት ኢሳያስ ተገሊጹ ከምዘሎ (5፡1-5) እቲ ተኸሊ ወይኒ ዚኣክል ክንክንን ሓለዋን ተጌሩሉ ከብቕዕ፡ ኣብ ክንዲ ምቁር፡ መጺጽ ፍረ ከምዘፍረየ ይሕብር። ክርስቶስ ነቲ ዝመረረን ዝዓርዓረን ከምእንደገና ሓድሽ ህይወት ዝህብ ጉንዲ ወይኒ ንሱ ምዃኑ፡ ቤተክርስትያን ድማ ጨንፈር ምዃና ምሂሩና እዩ (ዮሓ 15፡1-15)።

ካብዚ እንታይ ንምሃር? ኣብ ዘመንና እንተተዓዚብናውን ክንደይ ዝኣኸሉ ምእመናን እዮም ሰኣን ብቑዓት ጓሶትን መራሕትን መኺኖም ዝተረፉ? ንእግዚኣብሔርን ቤተክርስትያንን ዘሐጉስ ናይ ምእመናን መንፈሳዊ ፍረ ምእንቲ ኪበዝሕ ካብ ዓመጽቲ፡ ሓሰውትን፡ ብወኻሩ ዝምሰሉ፡ መማህራን ምእንቲ ክንሕሎ፡ ኣምላኽ ቅኑዓት ጓሶት ኪህበና ከምቲ ንጉስ ሰሎሞን ዝለመኖ ክንጽሊ ይግባእ። ከምኡውን ኣብቲ ጉንዲ ወይኒ፡ ክርስቶስ፡ ክንጸንዕ ዘወትር ንቑሓትን ጸለይትን ኪንከውን ይግባኣና። ኣምላኽ ይደግፈና! ኣሜን።

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፤ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።